
# ዝምድና ስድራቤትን - ኣብያተ ትምህርትን




Département de l'économie et de la formation
Departement für Volkswirtschaft und Bildung
CANTON DU VALAIS
KANTON WALLIS

SPVal
Société Pédagogique Valaisanne

AVECO

FRAPEvs




## ብሓባር ንምዕባለ ህጻናት

ቤት ትምህርቲ ምስ ወለዲ ኮይኖም ንመንእሰያት ኣብ ምምሃርን መምርሒታት ኣብ ምሃብን ብሓባር ኮይኖም ይሰርሑ።እዚ ሽርክነት ኣብ መሰረታዊ ዝኾነ ሕግታት ዝተመስረተ ኮይኑ ብኹሉ ደቂ ሰብ ዝተሓለወ ኢዩ። ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ብናይ 1962 ሕጊ ቤት ትምህርቲ (la Loi scolaire) ዓንቀጻትን ተቐይደን ይኸዳ። እዘን ኣብያተ ትምህርቲ ብካንቶን ይምርሓ፡ ኮሙዩን ግን ርእሱ ዝኸኣለ ኣሰራርሓ ኣለዎ። መምህራንውን ኣብቲ ዝኽተልዎ ኣገባብ ኣመሃህራ ምሉእ ናጽነት ኣለዎም።

ሓደ ትካል ቅድሚ ከም ሓደ ዝተሓላለኸ ኣሰራርሓ ዘለዎ ኮይኑ ምርኣዩን፡ ግዴታን ግቡኣትን ናይ ነፍሲ ወከፍ ትካል ምግላጹን፡ la Fédération Romande des Associations de Parents d'Elèves du Valais (FRAPEV- ፊደረሽን ሮሞ ማሕበር ስድራቤትን ተማሃሮን ቫሌ),la Société Pédagogique Valaisanne (SPVal- ሕብረተሰብ ስነ ኣማሃህራ ቫሌ), l'Association Valaisanne des Enseignants des Cycles d'Orientation (AVECO ማሕበር ቫሌ መምህራን ሲክል ) et le Département de l'economie et de la formation (DFS - ደፓርትመንት ቑጠባን ስልጠናን) እዞም ክንጠቅሶም ዝጸናሕና ቤት ጽሕፈታት፡ ኩሎም መሻርኽቲ ትካላት ኣብያተ ትምህርቲ ብስኒት ንክነብሩ ነቲ መሰረታዊ ዝኾነ ሕግታት ብንጹር ይገልጹ።

እዚ ኣብ ብሮሹር ተገሊጹ ዘሎ ትሕዝቶ ከኣ ነቲ ኣብ መስርሕ ዘሎ ሕግታት ኣይትክኦን ኢዩ። ኣገልግሎቱ ግን ከም መወከሲ ሕግታት ኮይኑ፡ ሓፈሻዊ ዝኾነ ሓደ ቀያዲ ኣሰራርርሓ፡ ኣብ መንጎ ስድራቤታትን ኣብያተ ትምህርቲን ንኽህሉ ይሕንጽጽ። ሰበ-ስልጣን ኣብያተ ትምህርትን መምህራንን ካብ ወለዲ ዝልዓል ሕቶ ምስ ዝህሉ፡ ምሉእን ሓበሬታ ክህቡ ይግባእ። ብተወሳኺ ንኹሉ ቀረባት ዝምልከት ኣብ መርበብ ሓበሬታ ተጻሒፉ ይርከብ። እዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ናይ መንግስቲ ቫሌ ኢዩ። (https://www.vs.ch/web/se/ecole-famille).

ብምትሕብባር ህዝብን ወጻእተኛታትን (Population et des Migrations) ኣዋሃሃዲ ስደተኛታትን ነዚ ሓድሽ ትርጉም ናብ ብርክት ዝበሉ ኣብዚ ካንቶን ቫሌ ዝዝረቡ ቋንቋታት ተተርጉሙ ከም ዝቀርብ ገይሩ ይርከብ። ካብዚ ኣብ ላዕሊ ተጥቒሱ ዘሎ ኣድራሻ ኢንተርነት ከነወርዶ ንኽእል።

እምበኣር ኩላትና ወለዲ ጽቡቕ ኣፍልጦ ቋንቋ ናይቲ ንነብርሉ ከባቢ ክህልወና ኣገዳሲ ኢዩ። እዚ ከኣ ብዛዕባ ኣሰራርሓ ዝተፈላለዩ ትካላት ብፍላይ ከኣ ብዛዕባ ኣብያተ ትምህርትን ብቀሊሉ ንኽንርዳእ ይሕግዘና።

ኣብ ሃገረ ስዊዝ ትምህርቲ ነጻ ንክኸውን ከምኡውን ማዕርነት ኣብ መንጎ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ክህሉ ካብቲ ጸቂጦም ዝሰርሕሉ ጉዳይ ኢዩ። (cf. convention relative aux droits de l'enfants, https://urlz.fr/9L3s)

እምበኣር ወለዲ ኣብ መንጎ ስድራቤትን ቤት ትምህርቲን ክህሉ ዘለዎ ዝምድና ብስሩዕ ክንጥፍሉ ዘለዎም ጉዳይ ኢዩ።







## ቅርጺ ቤት ትምህርቲ

መባእታዊ ደረጃ ትምህርቲ (degrés Harmos/H) ን11 ዓመት ኣቢሉ ይኸይድ። ንሳቶም ከኣ ሰለስተ ደረጃታት ዝተመቀሉ ኢዮም። ንሳቶም ከኣ፡ 1ይ (1H ክሳብ 4H) et 2ይ (5H ክሳብ 8H). 3ይ ሲክል ን ሲክል ድ ኦርየንታስዮን( Cycle d'orientation) የመልክት (9-10- 11CO) ኢዮም።

| Degré primaire - Cycle 1 | | | | Degré primaire - Cycle 2 | | | | Degré secondaire I - Cycle 3 | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1H | 2H | 3H | 4H | 5H | 6H | 7H | 8H | 9CO | 10CO | 11CO |

## መባእታዊ ቤት ትምህርቲ

| | | |
|---|---|---|
| Cycle 1 | 1H - 2H | እዘን ፈለማ ክልተ ዓመት ግዜ ትምህርቲ ሓደ ቆልዓ ግዴታ ክመሃረን ኣለዎ(ቤት ትምህርቲ ህጻናት ተባሂለን ዝፍለጣ ዝነበራ እየን)<br>ሓደ ህጻን ክሳብ 31 ሓምለ 4 ዓመት እንተደኣ መሊኡ ትምህርቲ ህጻናት ክጅምር ይኽእል። ብዛዕባ ምዝገባ ዝምልከት ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ንኮምዩንኩም ተወከሱ።<br>ተማህሮ 1ይን 2ይን ኣከሞስ ኣብ ሓደ ክፍሊ ይመሃሩ። 1ይ ኣከሞስ ፍርቂ መዓልቲ(1H) 12 ግዜ ነናይ 45 ደቂቕ, ኣብ ዝመጽእ ዓመተ 2020 ግን 16 ፐርይድ ነፍሲ ወከፍ 45 ደቂቕ ክመሃሩ ኢዮም።<br>2 ኣከሞስ (2H) ግን : 24 ግዜ ነናይ 45 ደቒቕ ይመሃሩ።. ኣወዳድባ ግዜ ብዞባዊ ኣማሓዳሪ ይውጠን። ካብ ከባቢ ናብ ከባቢ ከኣ ክፈላለ ይኽእል።ብሓፈሻ 4 ፍርቂ መዓልቲ ን 1H et 8 ፍርቂ መዓልቲ ን2H ኢዩ. |
| | 3H - 4H | ግዜ ትምህርቲ 28 ፐርየድ (périodes) ኮይኑ ኣብ 45 ደቒቕን 8 ፍርቂ መዓልቲ ዝተመቕለ ኢዩ። ኣወዳድባ ናይ እዘን ፍርቂ መዓልቲ ካብ ከባቢ ናብ ከባኢ ክፈላለ ይኽእል። |




| | | |
|---|---|---|
| Cycle 2 | 5H - 6H | ሓደ ሰሙን 32 ፐርየድ (ክፍለ ግዜ) ነናይ 45 ደቂቅ ይሓቁፍ። ንሓገዝ ኣብ ዝተፈላለዩ ደረጃ ዘለዉ ተማሃሮ ተባሂሉ : ቋንቋ ጀርመን ኣብ ንኣሽቱ ጉጅለታት ተመቒሎም ይሰርሑ። |
| | 7H - 8H | እዞም ዳሕረዎት ደረጃታት ከኣ 32 ክፍለ ግዜ ወይ ፐርየድ ይመሃሩ። ንሓገዝ ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃታት ዘለዉ ተማሃሮ ተባሂሉ ን2ይ ቋንቋ ጀርመንን ነቲ 3ይ ቋንቋ ኢንግሊሽን ኣብ ንኣሽቱ ጉጅለታት ተኸፋፊሎም ይሰርሑ። |

### ኣወዳድባ መዓልቲ

ኣወዳድባ መዓልታዊ መደብ ትምህርቲ ብሰዓታት ተዳልዮም ይርከቡ። ነፍሲ ወከፍ ኮምዩን ወይውን ኣመሕደርቲ ዞባ ከኣ ሰዓታትቶም ይሰርዑ። ነቲ ክፍለ ግዜ በብፍርቂ መዓልቲ ይመቓቐልዎ። ብሓፈሻ ንኹሎም ተማሃሮ ብሓንሳብ ጀሚሮም ብሓደ ከም ዝፍደሱ ይገብሩ። ንሓደ ሓደ ቀረባት ዝምልከት ነፍሲ ወከፍ ኮምዩን ፍልይ ዝበለ ኣወዳድባ ኣለወን። እዘን ፍርቂ መዓልታት ምስ ኩነታትን ድሌትን ነብርቲ ክፈላለ ይኽእል። ከም ሓደ ሓደ ቀረባት ንኣብነት (ከም መጓዓዝያ፡ መውዓሊ ህጻናት) ስለዚ ኮሙይን ካልእ ኣወዳድባ ሰዓታት ከም ሓሳብ ከቕርብ ይኽእል።


## ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ

እዚ ደረጃ ትምህርቲ ንሰለስት ዓመት ዝኸይድ ኮይኑ ንተመሃሮ ንመጻኢ ሞያኦም ክመርጹ የዳልዎም። ድሕሪ ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ ተማሃሮ ናብ ሞያዊ ቤት ትምህርቲ ወይ ከኣ ዝለዓለ ትምህርቲ ይቕጽሉ። ኣብ ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ ተመሃሮ ብዘምጽእዎ ውጽኢት ኣብ ክልተ ደረጃ ይምቀሉ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሲክል (cycle d'oreintation) ምስ ሞያታት ዘላልዩና ኣማኸርቲ ኣለዉ።
ካብ 9 ክፍሊ ተመሃሮ ቀዳማይንን ካልኣይን ደረጃ ተባሂሎም በቲ ኣብ 2ይ ደረጃ (8H) ዘምጽዎ ነጥቢ ማለት ኣብ ዓይነታት ትምህርቲ ፈረንሳን ቁጽርን ተፈላልዮም ይመሃሩ። ኣብ 10 ክፍሊ ግን ኣብ ስነ-ፍልጠትን ቋንቋ ጀርመንን ኣብ ክልተ ይምቀሉ። ኣብቶም ካልኦት ዓይነት ትምህርቲ ግን ብሓባር ይመሃሩ። እቲ ቀዳማይ ደረጃ ጽዕቕ ዝበለ ኣገባብ ኣመሃህራ ይጥቀም። ነጥቢ ተመሃራይ እንተደኣ ተመሓይሹ ካብ ሓደ ደረጃ ናብ ካልእ ደረጃ ምትሕልላፍ ይከኣል።

### ተወሳኺ መምርሒታት

- ንነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ሓላፊ ክፍሊ ይምደበሉ። ካብ ተማሃሮ ይኹን ካብ ወለዲ ዝልዓል ሕቶ ይምልስ።
- ኣወዳድባ ሰዓታት ምስ ግዜ ትምህርቲ ዝኸዱ ኮይኖም ይስርዑ።
- ምደባ ቤት ትምህርቲ ኣብ መንበሪ ገዛ ግምት ዘእተወ ኢዩ።
- ሓገዝ ኣብ መጽናዕቲ ዝበሃል ከኣ ተማሃሮ ዕዩገዝኦም ንክሰርሑ ብምምህራን ዝግበረሎም ደገፍ እዩ። ብዳይረክተር ተወዲቦም ብመምህራን ይወሃቡ። እዚ ካብ ናይ ትምህርቲ ግዜ ወጻኢ ይካየድ። እዚ ሓገዝ ንተማሃሮ 2ይን 3ይን ሲክል ዝተዳለወ እዩ።(cf.pp7et 11)
- ሽማግለ ቤት ትምህርቲ ናይ ምትሕግጋዝ ባይታ ከነማዕብልን ኣብ ነንሓድሕድና ምክብባር ክህሉን ዕዙዝ ተራ ይጻወቱ። ኩሉ ስርሓቶምውን ምስጢራውነቱ ክሕሎ ብዕቱብ ይሰርሑ።

## ዝ ጽሉ ስልጠናታት




L'Office de l'orientation scolaire et professionnelle apporte des compléments d'informations (www.vs.ch/orientation).




# ሓፈሻዊ ፕሮጀክት ትምህርቲ ንተማሃሮ ፒ.ኢ.ር

« መደብ መጽናዕቲ ሮሞን (Le plan d'études romand (PER) ሓፈሻዊ ዝኾነ ፕሮጀክት ንተማሃሮ የዳሉ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ተማሃሮ ኣብየናይ ደረጃ ክበጽሑን ክቀስምዎ ዘለዎም ክልሰ ሓሳብን ብዝርዝር የቐምጥ። ንኣብነት(ኣብ 4ይ፡ 8ይ፡ 11ይ ዓመት ናይ ትምህርቲ ክኸውን ይኽእል።

እዚ ፕሮጀክት ተማሃሮ ብዛዕባ ዘለዎም ብቕዓትን፡ ዝቐሰምዎ ኣፍልጦን ከምኡውን ኣብ ዘምጽእዎ ዕቤትን ይግምግም። እዚ ማለት ከኣ ተማሃሮ ኣብ ትምህርቲ ግዴታ ኣብ ሰለስት ደረጃታት መቃቂሉ ይርኢ። ንሳቶም ከኣ፡

ጋድማዊ ክእለታት (ምትሕብባር, ርክባት ምክያድ, ሜላ ኣጸናንዓ , ፈጠራኣዊ ዝኾነ ሓሳብ, ርእሰና ክንግምግም ዝውሰድ ስጉምቲ ወዘተ ዝኣመሰሉ ኢዮም።)


ሓፈሻዊ ስልጠና (MITIC ጥዕና፡ ንገብሮ ምርጫ፡ ግላዊ ፕሮጀክት , ከመይ ኢልና ብሓባር ንነብር፡ ድሞክራሲያዊ ልምምድን ሓድሕዳዊ ምድግጋፍን ኢዮም።

:-ቋንቋ፡ ቁጽሪ፡ (ቁጽሪ፡ ተፈጥሮኣዊ ስነፍልጠት፡ ሕብረተሰባዊ ስነፍልጠት(ሳይንስ) ስነ ጥበብን ምንቅስቃስ ኣካላትን ኢዮም።

http://www.plandetudes.ch

ዕላማ ፒ ኢ.ር (PER) ንምርዳእ ንኽጠቕመና ፡ FRAPEV ንኹሎም ወለዲ ደቆም ኣብ ትምህርቲ ግዲታ ዘለዎ ብሮሽሀር ቀጻሊ ይዕድል። ትርጉም ናይዞም ጹሑፋት ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ኢንተነት ይርከብ።

https://www.vs.ch/web/se/ecole-enfantine-primaire-et-co .








እቲ ጸገም ናይ ተማሃራይ ብሓደ ሞያዊ ኣካል ብደፓርትመንት ቤት ትምህርቲ ፣ እዞም ከቢድ ጸገማት ወይ ስንክልና ዘለዎም ተማሃሮ ንኣብነት ዲስለክሲ፡ ድይሶርቶግራፊ፡ ዲስኳልኩሊ፡ ዲስፋራክሲን ኤችፒኣይ ዝኣመሰሉን ፍልይ ዝበለ ኣመሃህራን ኣብ ግዜ ፈተናውንፍሉይ ኣራኣእያ ይግበረሎም ንሓደ ጸገም ዘለዎ ተማሃራይ እቲ ፋልማይ ሓገዝ ካብ ስድርኡን መምህራኑን ይረክብ። ፍልይ ዝበለ ሓገዝ ዘድልዮ እንተዳኣ ኮይኑ ግን ምስቲ ዘሎ ቀረባት ርኢና ንነፍሲ ወከፍ ህጻን ዝሰማማዕ መደብ ነዳሎ። ንሳቶም ከኣ፡-

## ► መጽናዕቲ ጽሕሪ ትምህርቲ

(ካብ 5H à 11CO) መጽናዕቲ ጽሕሪ ትምህርቲ
ነፍሲ ወከፍ ኮምዩን መጽናዕቲ ድሕሪ ትምህርቲ(études surveillées) ከዳልዎ ይኽእሉ። እዚ ከኣ ሓደ ተማሃራይ ሓደ ክፋል ወይ ኩሉ ዕዮ ገዛኡ ባዕሉ ክሰርሕ የኽእሎ።
እምበኣር ኩለን ኮምዩናት እዚ ዓይነት ሓገዝ ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ዘየዳልዋ እኳ እንተኾና ብሓፈሻ ግን ኣብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ( CO) እዚ ሓገዝ ይወሃብ።

## ► መጽናዕቲ ምስ መምርሒታት 5ይ ኣክሞስ ክሳብ 11 ሲክል

(ካብ 5H à 11CO)
መጽናዕቲ ምስ ዝተፈላልዩ መምርሒታት(études dirigées) ሓደ ተማሃራይ ከመይ ኢሉ ዕዮ ገዝኡ ክሰርሕ ከም ዘለዎ ዘኽእሎ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ኣሰራርዓ መደባቱን ኣብ ኣጸናንዓ ክጥቀመሎም ዝግቦእ ሜላታትን ዝሕግዝ ኢዩም። እዚ ሓገዝ ካብ ትምህርቲ ስዓታት ወጻኢ ዝወሃብ ኮይኑ ንውሱን ግዜ ይኸይድ። ምሉእ ዕዮ ገዝኡ ኣብ ገዛ ክሰርሕ ኣይፍቀድን ኢዩ።

## ► ሓገዝ ኣብ ስነ ኣመሃህራ ካብ ስዓታት ትምህርቲ ወጻኢ

(9ይ ክሳብ 11 ስክል)
ሓደ ተማሃራይ ኣብ ሓደ ወይውን ኣብ ብርክት ዝበሉ ዓይነት ትምህርቲ ጸገም ምስ ዘጋጥም፡ ኣብ ልዕል ዝበለ ደረጃ ናይ ምብጻሕ ተኽእሎ ንክህሉ እዚ ዓይነት ሓገዝ(soutien pédagogique) ካብ ስዓታት ትምህርቲ ወጻኢ ይወሃብ። ዕላማኡ ከኣ ነቲ ዘለዎ ሕጽረት ንምምላእ ኢዩ።

## ► ሓገዝ ኣብ ስነ ኣማሃህራ ቋንቋ ኣደኦም ፈረንሳ ዘይኮኑ ተማሃሮ

(3ይ ኣኽሞስ ክሳብ 11 ሲክል)
እዚ ሓገዝ ንቋንቋ ኣዲኦም ፈረንሳ ዘይኮነ ተማሃሮ( élèves allophones)ዝተዳለወ መደብ ኢዩ። እዚ ሓገዝ ኣብ ስዓታት ትምህርቲ ዝወሃብ ኮይኑ፡ ዕላማኡ ከኣ ብቕዓት ተማሃራይ ኣብ ቋንቋ ፈረንሳ ንምዕባይ ኢዩ። እዞም ተማሃሮ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ስሩዕ ትምህርቲ ንኽከታተሉ ይሕግዞም።
ብሓፈሻ እዚ ዓይነት ሓገዝ ካብ ካብ 2 ዓመት ንላዕሊ ኣይከይድን ኢዩ።
ኣብዚ ግዜ ተማሃራይ ነጥቢ ኣይተሓዘሉን።

## ► ውሁድ ዝኾነ ሓገዝ

እዚ ውሁድ ዝኾነ ሓገዝ ፍልይ ዝበለ ኣመሃህራ ዝሓዘን ንውሱን ግዜ ዝኸይድን ኢዩ። እዚ ከኣ ንፍሉይ ደገፍ ዘድልዮም ተማሃሮ ይወሃብ። እዚ ፍልይ ዝበለ ኣገባብ ኣመሃህራ ዝኽተል ኮይኑ ንጸገም ዘለዎም ተማሃሮ ኣብ ክፍሊ ወይውን ኣብ ካልእ ቦታ ኣብ ግዜ ትምህርቲ ሓገዝ ይህብ። እዚ ሓገዝ ዝህብ መምህር ምስ ሓላፊ ክፍሊ፡ ምስ ወለዲን ብተወሳኺውን ምስ ካብ ግዳም ዝመጹ ተሓጋገዝቲን ይሰርሕ። እዚ ዝወሃብ ሓገዝ ምስ ድሌታት ተማሃራይ ከምዝኸይድ ንምግባርን ምዕባለኡ ንምፍላጥን ኩሉ ግዜ ገምጋም ይካየድ።







### ► ፍሉይ ዝኾነ ሓገዝ

(de 4H à 11CO)
እዚ ዓይነት ሓገዝ ፍልይ ዝበለ ኣገባብ ኣመሃህራ እንተ ዘይኣተኣታትዩ ኣብ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ክከታተሉ ዘጸግሞም ተማሃሮ ዘወሃብ ኢዩ።
እዚ ፍልይ ዝበለ ኣገባብ ኣመሃህራ ዝጥቀም እምበኣር ንፍቃደኛታት ዝኾኑ ወለዲ ይወሃብ። ፍቃድ ናይ ተቆጻጻሪውን የድልይ ኢዩ። ኣብ ሓደ ሓደ ሲክል ፡ ኣብዚ ፕሮግራም ዝሳተፉ ተማሃሮ ኣብ ናይ ትዕዝብቲ ክፍልታት ተመቃቂሎም ይመሃሩ።

### ► ሓደ ክፍሊ ምድጋም ካብ

እዚ መደብ ኣብ ሓደ ክፍሊ ዝተረፉ ወይውን ንዝደግሙ ተማሃሮ ይምልከት። እዚ ማለት ከኣ እዚ ተማሃራይ ክምጽኦ ዝግብኦ ነጥቢ ( ኣብ ማእከላይ ነጥቢ ናይ ቀዳማይ ጉጅለ ወይውን እቲ ሓፈሻዊ ማእከላይ ነጥቢ 4 ኣየምጸኣን ማለት ኢዩ)። ነታ ዓመተ ትምህርቲ ክደግማ ይግደድ። እዚ ከኣ ን2ይን 3ይን ስኪልውን ዘጠቓለለ እዩ። ፍሉይ ምኽንያት ዘለዎም ኣብ 2Hን 3Hን ዝርከቡ ተማሃሮውን ይከኣል።

### ► ካልኦት ሓገዝ ዝህባ ትሕተ ቅርጺታት

እዚ ቤት ጽሕፈት ፍሉይ ቤት ትምህርቲ (L'Office de l'Enseignement Spécialisé (OES) ንስድራቤት ብዛዕባ ንስንክልና ዘለዎም ተማሃሮ ኣገልግሎት ዝህባ ትሕተ ቅርጽታት ሓበሬታ ይህብ። እዞም ትካላት ከኣ እዞም ቀጺሎም ተጠቂሶም ዘለዉ ኢዮም። ፍልይ ዝበለ ሓገዛት ዝህቡ ክፍልታት (classes spéciales), appuis pédagogiques renforcés, ቅድሚ ምያዊ ስልጠና ዝወሃብ ትምህርቲ (classes de préapprentissage) ፡ ኣብ ሓደ ዓውዲ ፍሉይ ክእለት ዘለዎም ማሕበራት (institutions spécialisées) ፡ ትምህርቲ ኣብ ሕክምና (scolarisation en milieu hospitalier) ዝኣመሰሉ ኢዮም።

### ► Le guichet unique

ወለዲ ፍልይ ዝበለ ንኣብነት(ፍሉይ ኣገባብ ትምህርቲ፡ ሎጎፐዲ፡ ሲኮሞትሪሲተ ወይውን ስነ ኣእምሮኣዊ ሓገዛት)

ጠለብ እንተ ኣለዎም ብመንነኛነት መምህራን ናብ ዲረክተር ኣብያተ ትምህርቲ ሕቶኦም ክቐርቡ ይኽእሉ። እዚ ቤት ጽሕፈት

ከኣ ዘድሊ ሓበሬታን ዝምላእ ፎርምን ይህበኩም። እዚ ሕቶኹም ብክኢላታትን ብቤት ትምህርቲ ተራኢዩ፡ ወሳኔ ከኣ ንወለዲ ይሕበር።

Le site http://www.vs.ch/web/oes donne des informations complémentaires sur l'aide aux élèves.

## ሓላፍነት ወለዲ

- ወለዲ ምስ ቤት ትምህርቲ ምትሕብባር ክርእዩ ከምኡ'ውን ንሞያ መምህራንን ንሕግታት ቤት ትምህርቲን ክኽብሩ ይግባእ።
- ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝኾነ ዓይነት ግርጭት ምስ ዘጋጥም፡እቲ ክንገብሮ ዝግበኣና ንሓላፊ ክፍሊ ምውካስ እዩ። ኣድላይ ምስ ዝኸውን ንዳይረክተር ቤት ትምህርቲ ወይውንን ተቆጻጻሪ ቤት ትምህርቲ ክንሕብር ንኽእል።
- ወለዲ ምሉእ ሓላፍነት ናይ ውላዶም ወሲዶም ኣብ ጽርየት : ስነ-ስርዓት ፡ ቆልዑ እኹል ሰዓታት ኺድቅሱ ከም ዘለዎም ክከታተሉ ይግባእ።
- ወለዲ ኣብ ጠባይ ውላዶምን ኣብ ክፍሊ ዝወሃቦ ስርሓትን ተገዲሶም ክከታተሉ ይግባእ። ብተወሳኺ ኣብ ገዛ ከመይ ይስጉም ከም ዘሎ ክከታተሉ ኣለዎም።
- ወለዲ ብመምህራን ወይ ሓለፍቲ ቤት ትምህርቲ ዝግበር ኣኼባ ክሳተፉ ይግባእ።
- ወለዲ ብቤት ትምህርቲ ዝወሃብ ሓበሬታ ክርእይዎ ኣድላይ እንተኾይኑ ክፍርምሉ ይኽእሉ። ሕቶ ምስ ዝህልዎም ክሓቱ ይኽእሉ።
- ተመሃራይ ካብ ገዛ ናብ ትምህርቲ ክኸይድ : ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርትን ድሕሪ ሰዓታት ፍዳሴን ወለዲ ምሉእ ሓላፍነት ናይ ውላዶም ኣለዎም።
- ወለዲ ንውላዶም ናይ ሓደጋ ኢንሹራንስ ይኹን : መድሕን ጥዕና ክእትውዎም ይግባእ። ቤት ትምህርቲ ንተመሃሮ ኢንሹራንስ ወይ መድሕን ህይወት ኣይኣትወሎምን እዩ። ኣብ ግዜ ሓደጋ ብቐጥታ ናብ ናይ ግልኹም መድሕን ህይወት ተወከሱ።
- ዝኾነ ዓይነት ብኩራት ንቤት ትምህርቲ ክሕበር ይግባእ ። ብቁዕ ምኽንያት ክህልወናውን ኣለዎ።
- ወለዲ ብመደባት ኣብያተ ትምህርቲ ተቀይዶም ክኸዱ ይግባእ። ክታልሉ ምስ ዝፍትኑ ግን ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ብተቖጻጻሪ ቤት ትምህርቲ ይብየነሎም።
- ወለዲ ንውላዶም ዕረፍቲ እንተደኣ ሓቲቶም ብዛዕባ እቲ ዝሓለፎ ትምህርቲ ሓላፍነት ወሲዶም ንመምህራን ክሓቱ ይግባእ።
- ወለዲ ንዘተፈላለዩ ንዋት ቤት ትምህርቲ፡ ንዑደት ተማሃሮን ካልኦት ነገራትን ተሳትፎ ናይ ገንዘብ ይሕተቱ።
- ወለዲ ገዛ ክቕይሩ ከለው ብዝቀልጠፈ ግዜ ናብ ሓላፊ ቤት ትምህርቲ ክሕብሩ ኣለዎም።
- ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝኾነ ጸገም ምስ ዘጋጥም ብመራኸቢ ቡዙሓን ተጥቂምና ሽግራት ንምፍታሕ ኣይንፈትን። ምስ መምህራን ምምይያጥ ነቕድም።



# ሓላፍነት

## ሓላፍነት ተማሃሮ

*ተመሃሮ ምስ ናይ ሓገዝ ወለዶምን መምህራንን ክገብርዎ ዘለዉ ነገራት እዞም ዝስዕቡ እዮም።*

- ሕግታት ቤት ትምህርቲ ምኽባር፡ ከምኡ`ውን ንመምህራንን ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ዝሰርሑ ውልቀሰባትን ብጾቶምን ከኽብሩ ይግባእ። ንዋት ቤት ትምህርቲ ብጥንቃቐ ክሕዙ ኣለዎም።
- ጽሩይ ክዳውንቲ ከምኡ`ውን ኣብ ቤት ትምህርቲ  ስነስርዓት ዘለዎ ኣከዳድናን ኣካይዳን ክህልዎም ይግባእ።
- ኣብ ትምህርቶምን ብሓፈሻ ኣብ ናይ ሓባር ህይወቶምን ተራ ናይ ተመሃራይ ክጻወቱ ይግባእ።
- ዝኾነ ኤሌክትሮኒካዊ ኣቕሑት ኣብ ቐጽሪ ቤት ትምህርቲ ኣይፍቀድን እዩ። ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ንብጾቶም ብተወሳኺውን ን ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝሰርሑ ሰባት ከኽብሩ ይግባእ። መራኸቢ ቡዙሓን ዝተሓተ ዕድመ 13/16 ክኸውን ኣለዎ።
- ንሰራሕተኛታትን ኣባላት ቤት ትምህርትን ንካልኦት ተመሃሮን ከኽብሩ ይግባእ።

## ሓላፍነት ቤት ትምህርቲን

- ቤት ትምህርቲ ተሳትፎ ናይ ተማሃሮ ክዓቢን ተማሃሮ ከኣ ተገዳስነት ኣብ ትምህርቲ ንክሕድሩን ብተወሳኺውን ርእይቶኦም ክህቡን ተሰማዕነት ክህልዎምን መሰል ይህብ።

*መምህራንን*

- መምህራን ንወለዲ ኣብ ቤት ትምህርቲን ኣብ ኣተዓባብያ ቆልዑን ይሕግዝዎም። ከምኡውን ንተማሃራይ የኽብርዎ።
- ኣብ ማሕበራዊ ህይወት  ተማሃራይን ኣብ ምስ መማህርቱ/ታ ተወሃሂዱ/ዳ ንክኸይድ ዓቢ ተራ ይጻወቱ።
- መምህራን ኩሉ ግዜ ንወለዲ ብዛዕባ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘሎ ምዕባለ ዉላዶም ይሕብሩ። ዕላማ ትምህርቲን ኣገባባትን ኣብ ኣኼባ ወይ ከኣ ብውልቂ ንወለዲ ይሕብሩ። ኣድላይ ምስ ዝኸውን ተርጓማይ ምድላው ይከኣል።
- ወለዲ ብቀጻሊ ብዛዕባ ውጺኢት ውላዶም ይሕበሩ። ሰርቲፊኬት ወይውን ናይ ገምጋም ሰነዳት ይልኣኸሎም።  ከምኡውን ባህላዊን ስፖርታዊን ንጥፈታት፡ መንፈሳዊን ብዛዕባ ምክልኻል ዝወሃብ ሓበሬታን ንወለዲ ኣቕዲሙ ይለኣኽ።
- ወለዲ ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህልወና ቆጸራ ሒዝና ሕቶና  ምስ ነቕርብ መምሃራን ድማ ንሕቶና ንኽምልሱ ድሉዋት ይኾኑ።
- መምህራን ስነ ስርዓት ናይ ተማሃሮ ይከታተሉ። ኣድላይ ኣብ ዝኾነሉ ግዜውን ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ንተማሃሮ ስነስርዓት የትሕዝዎም። ሕጊ እንተ ዘይኣኽቢሮምውን መቕጻዕቲ ይብይንሎም።
- ኣብ ግዜ ትምህርቲ ዝኾነ ዓይነት ንጥፈታት ወይውን ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ ምስ ዝንቀሳቀሱ ፡መምህራን ምሉእ ሓላፈነት ናይ ተማሃሮ ይወስዱ። ካብዚ ወጻኢ ዝካየድ ምንቅስቃሳት ግን ናይ ወለዲ ሓላፍነት ይኸውን።
- ንኣብነት ናብ ሓኪም ምኻድ






# ተወሳኺ ሓበሬታ

## ዕዩ ገዛ

- ዕዮ ገዛ  ኣብ ገዛ ዝስራሕን ዝጽናዕን ኢዩ። ዕዩ ገዛ ምስራሕ ንሓደ ተማሃራይ ርእሰ ተኣማንነት ንክሕድር ይሕግዞ። በዚ መንገዲ ከኣ ነቲ ዝቀሰምዎ ፍልጠት ኣብ ተግባር ዘውዕልሉ ከምኡውን ርክብን ምትሕብባርን ምስ ስድራቤታት ዝዓብየሉ እዩ።
- ብሓፈሻ ዕዩ ገዛ ምስ ዕድሚኦም ዝኸይድ ኮይኑ በይኖም ኮይኖም ድማ ክዓይዎ ኮይኑ ይወሃብ።
- ተራ ወለዲ ውላዶም ዕዮገዝኡ ዝሰርሓሉ ባይታ ክፈጥርሉን ፡ ተገዳስነት ክሕድርን ብዘይ መኣረምታ ብግቡእ ዕዮገዝኡ ክሰርሕን ይከታተሉ። ሓደ ተማሃራይ ዕዩ ገዛኡ ክሰርሕ ጸገማት ዘጋጥሞ እንተኮይኑ ወለዲ ንመምህር ክሕብሩ ኣለዎም።(ንኣብነት ዝወስደሉ ግዜ፡ ኣብ ብዝሒ ዝወሃቦ ስራሕ፡ ክብደት ናይቲ ዕዮ ክኸውን ይኽእል።
- ብትዕዝብቲ ሓላፊ ክፍሊን ዳይርክተርን፡ ድሌታት ተማሃራይ ተራኢዩን ፍሉይ ሓገዝ ክወሃብ ይከኣል።

## ኣብ ግዜ ግጭት ክንክተሎ ዘለና ኣገባባት

- ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኩነታት ንምይይጥ ቀዳምነት ምሃብ
- ዝኾነ ጉዳይ ኪጋጥም ከሎ እቲ ቀዳማይ ክንገብሮ ዝግበኣና ንመምህር ወይ  ንሓላፊ ክፍሊ ምውካስ እዩ። ብድሕሪኡ ከኣ ናብ ርእሰ መምህራን ቀጺልና ናብ ተቆጻጻሪ ክንቀርብ ንኽእል።
- ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝኾነ ዓይነት ጸገማት ምስ ዘጋጥም፡ ንኣብነት፡-ኣብ መንጎ ተማሃሮ፡ ወለዲ፡ መምህርን ወይውን ሳልሳይ ኣካል፡ እዞም ጉዳያት ብዳይረክተር ቤት ትምህርቲ ይምርመሩ። ብወጽኢቱ እንተ ዘይዓጊብና ከኣ ናብ ተቆጻጻሪ ቤት ትምህርቲ ይግባይ ክንብል ንኽእል።







## ጥዕና ቤት ትምህርቲ

ከምቲ ኩሉ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ንሰምዖ፡ እቲ ቀንዲ ዕላማ ጥዕና ኣብ ቤት ትምህርቲ ምሉእ ሓበሬታ ምሃብ፡ ጹቡቅ ውዳበ ምህላውን ካብ ዝመጽእ ሕማማት ምክልኻልን እዩ።.

ኣብ ቤት ትምህርቲ ሓደ ህጻን ወይ ከኣ ሓደ በጽሒ ናይ ጥዕና ጸገም ምስ ዘጋጥሞ፡ ነርስ ቤት ትምህርቲ ኣብ መንጎ ቤት ትምህርቲን ወለድን ጽቡቕ ዝምድና ክህሉ ይሰርሕ።
ኣድላይ ምስ ዝኸውን ወለዲ ወይውን መመህራን ንሓኪም ቤት ትምህርቲ ክውከሱ ይኽእሉ።




ንተወሳኺ ሓበሬታ ነዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኢንተርነት ተወከሱ።
https://www.promotionsantevalais.ch/fr/sante-scolaire-460.html

## ካብ ገዛ ናብ ቤት ትምህርቲ ምምልላስ

ናብ ቤት ትምህርቲ ብእግሪ ምምልላስ ዝተባባዕ ስጉምቲ ኮይኑ ኣብ ትሕቲ ሕላፍነት ወለዲ ይካየድ። ድሕነትን ጥዕናን ምንቅስቃሳትን ዓቢ ግምት ክወሃቦም ዘለዎም ነገራት ኢዮም።

ስለዚ ፒድ ቡስ ሓደ ካብቶም ኣገዳሲ ዓይነት መጓዓዝያ ኮይኑ ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ናይ ሓደ ዓቢ ሰብ ክካየድ ኣለዎ። ነፍሲ ወከፍ ፒድቡስ መደባቶም ባዕሎም የወሃህዱ። ንኣብነት ንክኸዱን ክምለሱን ፡ ክኸዱ ጥራይ ወይ`ውን ሓደ ሓደ መዓልታት ኣብ ሰሙን ክኸውን ይኽእል። እዚ ዓይነት መጓዓዝያ ፒድቡስ ክትጥቀሙ እንተ ደሊኹም፡ ንተወሳኺ ሓበሬታ በዚ ዝስዕብ ኣድራሽ ተወከሱ። ኢመይል፡ valais@pedibus.ch ተሌ፡ 076 690 51 68



ብሸኽለታውን ወይውን ትኾቲነት ምስ ቁመቱ ትኸይድ ክትከውን ኣለዋ። ኩሉ ኣድላይ ነገራትውን ከተማልእ ኣለዋ። ኣዞም ህጻናት ኩሉ ሕግታት መጎዓዝያ ፖሊስ ክኽብሩ ይግባእ። ካስክ ኣብ ርእሲ ዝግበርውን ክህልዎም የተሓሳስብ።

ፍልይ ዝበለ ንጥፈታት ክህሉ ከሎ፡ መምህራን ወይ ወለዲ ብናይ ውልቆም ተሽከርካሪ ከጓዓዕዝዎም ይኽእሉ። ከምዚ ንኽገብሩ ግን እቶም ተማሃሮ ናይ ሓደጋ ኢንሹራንስ ዘለዎም ክኹኑ ይግባእ። ኩሉ ሕግታት መጎዓዝያውን ክኽብሩ ይግባእ። ቁጽሪ ተማሃሮ ካብቲ ብሕጊ መጓዓዝያ ዝተፈቐደ ንላዕሊ ክኸውን የብሉን።

ምምሕዳር (ኮምዩን)ቀያዲ ዝኾነ ሕግታት ክሕንጽጹ ይኽእሉ። ነዚ ዝምልከት ምሉእ ሓበሬታ ክህልወና ይግባእ።

## መኣንገዲ ትሕተ ቅርጺታት

እዚ መውዓሊ ህጻናት » ካብ ውልድ ዝበሉ ክሳብ መባእታዊ ትምህርቶም ዝውድኡ ይቕበል። እዚ ትካል ንወለዲ ኣብ ስራሖምን ኣብ ናብራ ስድራቤቶምን እተወሃሀደ ግዜ ክህልዎም ይሕግዝ። እዚ ትካል ብርክት ዝበሉ ህጻናት ተቀቢሉ ጽቡቅ ምዕባለ ክህልዎም ኣብ ትምህርቲ ሓገዝ ክረኽቡ ዝከኣኻሉ መዳይ የናዲ። ስድራቤታዊ ኣተሓሕዛውን ይገብረሎም።

እቶም ዝተፈላለዩ ትሕተ ቅርጺ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

- ነርስሪ: ካብ ውልድ ዝበለ ህጻን ክሳብ 18 ወርሒ ይቕበል። ምሉእ መዓልቲ ከኣ ክፉት ኢዩ። መግቢውን ይወሃቡ።
- ክሬሽ (Crèche) : ካብ 18 ወርሒ ክሳብ 6 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ይቕበል። ምሉእ መዓልቲ ክፉት ኮይኑ መግቢውን ይወሃቡ።
- ጋኽደሪ (Garderie) : ካብ 18 ወርሒ ክሳብ 6 ዓመት ዝዕድሚኦም ይቕበሉ , ንፍርቂ መዓልቲ ይከፈት።
- መጽንሒ ተማሃሮ (Unité d'accueil pour écoliers (UAPE) : ካብ 4 ዓመት ክሳብ መባእታዊ ትምህርቲ ዝውድኡ ኣብዚ ክጸንሑ ይኽእሉ። ዝኸፈተሉ ግዜ ከኣ ካብ ሰዓታት ትምህርቲ ወጻኢ ኢዩ።
- መዋእለ ህጻናት (Jardin d'enfants) : ካብ 3 ክሳብ 6 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ይቅበል። ንፍርቂ መዓልቲ ክፉት ኮይኑ መግቢ ግን የብሉን።
- ሃልት ጋርደሪ (Halte-garderie) : ካብ 2 ክሳብ 8 ዝዕድሚኦም ህጻናት ይቕበል። ዝኽፈተሉ ግዜ ፍርቂ መዓልቲ ኢዩ። ቦታ ምሓዝ ኣየድልይን ። መግቢውን የብሉን።

ኩሎም እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ትሕተ-ቅርጺ ብኮምዩን ዝተዳለዉ ኮይኖም ባኣላይነት ካንቶን ይመሓደሩ።

ንዝበለጸ ሓበሬታ ነዚ ዝስዕብ መርበብ ኢንተርነት ተወከሱ። https://web.vs.ch/web/scj/secteur-d-accueil-a-la-journée

# ኣገዳስቲ መወከሲታት

ፈደረሽን ሮሞ ማሕበር ወለዲ ናይ ተማሃሮ ቫሌ
www.frapev.ch

ማሕበር ፔዳጎጂ ቫሌ
www.spval.ch

ማሕበር መምህራን ሲክል ቫሌ
www.aveco.ch

ዴፓርትመንት ቤት ትምህርቲ
www.vs.ch/web/se

ቤት ጽሕፈት ፍሉይ ቤት ትምህርቲ
http://www.vs.ch/web/oes

ማእከል ሓበሬታ ፡ ርክባትን ቴክኖሊጂን
https://www.ictvs.ch

መደብ መጽናዕቲ ሮምንድ ንወለዲ ዝቐርብ
https://www.vs.ch/web/se/ecole-enfantine-primaire-et-co

መደብ መጽናዕቲ ሮምን
http://www.plandetudes.ch

ሌላ ኣካዳምያዊ ትምህርቲን ሞያዊ ስልጠናን
www.vs.ch/orientation

ኣገልግሎት መንሰያት ናይ ካንቶን
www.vs.ch/web/scj

ፕሮጀክት ትምህርቲ ሓይሊ ይህብ
www.vs.ch/web/scj/edf

ጥዕና ቤት ትምህርቲ
https://www.promotionsantevalais.ch/fr/sante-scolaire-460.html

መኣንገዲ ትሕተ ቅርጺ
https://www.vs.ch/web/scj/secteur-d-accueil-a-la-journee

ናብ ቤት ትምህርቲ ብእግሪ ዝግበር ጉዕዞ
https://pedibus.ch/coordinations/pedibus-valais/

ብሮሹር ዝምድና ኣብ መንጎ ስድራቤትን ቤት ትምህርቲን
https://www.vs.ch/web/se/ecole-famille

ፍልይ ዝበለ ሓበሬታ ምስ ዘድልየኩም ንሓላፊ ቤት ትምህርቲ ክትውከሱ ትኽእሉ ወይውን ኣብ መርበብ ኢንተርነት ናይቲ ቤት ትምህርቲ ሓበሬታ ክንረከብ ንኽእል። ብተወሳኺውን ኣብ ኣጀንዳ ቤት ትምህርቲ ተወከሱ።



# ሓበሬታ

# ትምህርቲ ማለት



... ብዙሕ ፍቕሪ

... ግርጭት ምቕባል

... ከም እትሰምዕ ምፍላጥ

... ደረት ምግባር

... ናብ ርእሰ-ምሕደራ ምግስጋስ

... ስምዒታትካ ምርኣይ/ምግላጽ

... ግዜ ምውሳድ

... ምትብባዕ



**www.vs.ch/web/scj/edf**

CANTON DU VALAIS
KANTON WALLIS

ትምህርቲ
ሓይሊ
ይህብ።